# ረብሓታት ኣመሪካ ብዋጋ ህይወት ወዲ-ኣዳም
## „ስትራተጂካዊ ዕላማ ኣመሪካ ኣብ ኣፍሪቃ„

ደራሲ: ሙሴ ኣብራሃ (ጀርመን)

## መእተዊ

**ኣብ 1492 ዓ.ም.ፈ. ክፍሊ ዓለም ኣመሪካ: ብኢጣሊያዊ ክርስቶፍ ኮሉምቡስ ምስ ተዳህሰሰት : ኤውሮጳውያን ኣብ መጀመርያ ዝፈጸምዎ ዓቢ ገበን እንተደኣ ሃልዩ: ስነ ሞጎት ሓይሊ ብምጥቃም ንደቀባት ኣመሪካ ዝኾኑ ቀያሕቲ ህንዳውያን ኣጽኒቶም: ንዝተረፉ ውሑዳት ድማ ኣብ ገዛእ መሬቶም ከም ሰብ ከምዘይቁጸሩ ምግባሮም እዩ። ታሪኽ ከም ዝሕብሮ ቁጽሪ ቀያሕቲ ህንዳውያን ካብ ኣስታት 12 ሚልዮን ኣብ 1900 ዓ.ም.ፈ. ናብ ርብዒ ሚልዮን ከምዝወረደ 'ዩ።**






*ፕሮፌሶር ዋርድ ቻርቺል (Prof.Ward Churchill) ተመራማሪ ዓሌት-ህዝቢ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኮሎራዶ: ኣብ ዘቅረቦ መጽናዕታዊ ጸብጻብ ሰፊሩ ከምዘሎ: ብዝሒ ቀያሕቲ ህንዳውያን ኣብ 1500 ዓ.ም. ኣስታት 12 ሚልዮን ከምዝነበረን ኣብ 1900 ዓ.ም. ግን ናብ ኣስታት 250 000 ከምዝወረደን እዩ ዝሕብር። እዚ ድማ ኣብ ታሪኽ ወዲ ሰብ እቲ ዝሓበየ ምጽናት ዓሌት ከምዝኾነ ዝተፈላለዩ ተንተንቲ ዝሰማምዕሉ ነጥቢ እዩ።*
*„hnn.us"*

**ቀጺሎም ናብቲ ካልኣይ ዓቢ ገበን ናብ ምፍጻም እዮም ኣምሪሖም። በብቅሩብ ካብ ኤውሮጳ ናብ ኣመሪካ እናሳገሙ መሬት ኣመሪካ ምስ ተቆጻጸርዎ: ነዛ ሕጂ ናይ ዓለምና ሓያል ክትከውን በቂዓ ዘላ ሃገረ-ኣመሪካ ንምህናጽ'ውን እንተኮነ: ተመራመርቲ ታሪኽ ደቂ-ሰባት ከም ዝትንትንዎ ካብ 1650 ክሳብ 1900 ዓ.ም.ፈ. ዘሎ ግዜ ልዕሊ 10 ሚልዮን ዝኮኑ ጸለምቲ ኣፍሪቃውያን ብዘይ ድልየቶም ብሓይሊ ብሰንሰለት ሞቒሖም: ናብ ኣመሪካ ብምዉሳድ ብናይ ባሮት ሕግታት ከም ኣቕሓ እናሸጡን እናለወጡን ብዘስካሕኽሕ ኣገባብ እናገፍዑ: ናይ ኣፍሪቃውያን ሂወት ኣጽኒቶምን ጉልበት ኣፍሪቃውያን መዝሚዞምን እዮም መስሪቶማ። ስለዚ እዛ ናይ ሎሚ ንፈልጣ ኣመሪካ ረብሓ ኤውሮጳውያን ንምሕላው ተባሂላ ብደም ንጹሃት ደቂ-ኣዳም ጠስጢሳ ዝተደኮነት: ርኹስ ታሪኽ ዘለዋ ሃገር እያ። ክስብ ሕጂ ኣተሓሳስባ ናይዞም ምቑእ ሂወት ዘሕልፉ ዘለዉ ዉሑዳት ሰብ-ረብሓ ስለዘይተቀየረ ድማ: ገና ናብራ ናይቶም ደቀባት ኣመሪካ ዝኾኑ ቀያሕቲ**

ህንዳውያንን ከም ባሮት ኣገልገልቲ ክኾኑዎም ካብ ኣፍሪቃ ዝጨወይዎም ጸለምቲ ኣመሪካውያንን ኣይተመሓየሸን።

ኣፍሪቃውያን ከም ባራዩ ኮይኖም ከገልግሉ ዝተወሰደለን ቦታታት ኣፍሪቃ




ብዝሒ ናይቶም ካብ 1650 ክሳብ 1900 ዓ.ም.ፈ. ካብ ኣፍሪቃ ናብ ኣመሪካ ከም ባራዩ ኮይኖም ዝተጓረቱ ኣፍሪቃውያን

**Trans-Atlantic Exports by Regio1650 - 1900**

| Region | Nummber of slaves accounted for | % |
|---|---|---|
| Senegambia | 479 900 | 4,7 |
| Upper Guinea | 411 200 | 4,0 |
| Windward Coast | 183 200 | 1,8 |
| Gold Coast | 1 035 600 | 10,1 |
| Bight of Benin | 2 016 200 | 19,7 |
| Bight of Biafra | 1 463 700 | 14,3 |
| West Central | 4 179 500 | 40,8 |
| South East | 470 900 | 4,6 |
| TOTAL | 10 240 200 | 100 |

*Data derived from tables 1.1, 3.2, 3.4, 4.1 and 7.4 as presented in : Transformations in Slavery by Paul E. LovejoyCambridge University Press, 2000, ISBN 0-521-78430-1*

ስትራተጂካዊ ዕላማ ኣመሪካ 'ምብኣር ካብ ክብሪ ወዲ ኣዳም ከብዲ ሰብ ፍሉያት ረብሓ ስለዘቐድም: ስነሞጎት ሓይሊ እናተጠቀሙ: ሰላማዉያን ሰባት እናጽነቱን ዘይንብረቶም ሃብቲ እናዘረፉን: ኣብ ልዕሊ ኣብ ምምዕባል ዝርከባ ሃገራት በትሪ እናዋጣወጡን: ምቹእ ናብራኦም ንዘመናት ብቀጻሊ መታን ከርጋግጽዎ ኣብ ዝተፈላለየ ቦታታት ዓለምና ኢዶም ከተኣታትዉ ንርእዮም ኣሎና።

ሓንቲ ካብተን ብቀጻሊ ግዳያት ምዕራባዉያን ሃገራት ዝኾና ክፍለ ዓለምና ድማ ክፍለ ዓለም ኣፍሪቃ ኢያ። ምዕራባውያን ዘይናቶም ሃብቲ እናዘረፉ ብፍላይ ከኣ ንኣፍሪቃ ከም ሕምባሻ መቓቒሎም ኣብ ትሕቲ ግዝኣቶም ብምእታው ሃብትን ጉልበትን ኣፍሪቃውያን ዝኣኽሎም እናመዝመዙ ኢዮም: ነዚ ሕጂ ንርእዮ ዘለና ምቹእ ናብራ ክፈጥሩ ኪኢሎም ዘለዉ። ኣፍሪቃውያን ብዘካየድዎ ህዝባዊ ተቃውሞታት ቀጥታዊ መግዛእቲ`ኳ ከብቕዕ እንተከኣለ: ብግብሪ ግን ብኣፍ ደገ ወጺኦም ተመሊሶም ብመስኮት ብምእታው: ረብሓኦም ዝሕልውሎም ብልሽዋት መራሕቲ ኣፍሪቃ ብምጥፍጣፍን ንረብሓኦም ዝነጥፉ ዝተፈላለያ ትካላትን ውድባትን ብምምስራትን ሃብቲ ኣፍሪቃውያን ብቀጻሊ ኣብ ምምዝማዝ እዮም ዝርከቡ ዘለዉ።

ቀንዲ ትሕዝቶ ናይ'ዚ ጽሑፍ'ዚ ድማ ስትራተጂካዊ ዕላማ ኣመሪካ ብፍላይ ኣብ ኣህጉር ኣፍሪቃ ከመይ ከምዝመስል ንምብራህ እዩ።

## ቆላሕታ ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍርቃ ስለምንታይ?

ብፍላይ ኣብዘን ዝሓለፉ 10 ዓመታት ተገዳስነት ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ክፍለ-ዓለም ኣፍሪቃ ኣዝዩ እናዓበየ 'ዩ ክመጽእ ጸኒሑ። ስለምንታይ ግን ክሳብ ክንድ'ዚ ተገዳስነት፤ ዝብል ሕቶ ክልዓል ድማ ባህርያዊ እዩ። ነዚ ቀሊል ዝመስል ሕቶ: ግን ሰፊሕ ትንተና ዘድልዮ መልሲ ንምምላስ: እምብኣር ኣተሓሳስባን ዕላማን ኣመሪካ ኣብ ልዕሊ ኣፍሪቃ ከመይ ከም ዝመስል ብግቡእ ምርዳእ የድሊ።

*... ይ ቅ ጽ ል*

ደራሲ: ሙሴ ኣብራሃ(ጀርመን)
mussieabraha@ymail.com